**ውዕሎ ኣብ ጀነቫ።**




ኤርትራውያን ኩሉ ግዜ ንመሰልና ምስ ተጣበቕና ኢና። እቲ ጸላእትና ንመዋእል ከይተሓለሉ ህላወና ካብ ገጽ ምድሪ ከጥፉኡ ዝተቓለስዎ ቃልሲ ምስ ሰኣኑሉ መልሲ፡ ሓድሽ ሜላ ኢሎም ዝሓሰብዎ ካብ ጎረባብቲ ሃገራት ዕሱባት መንግስታት ምኽታብ እዩ። በዚ መሰረት ከኣ መንግስቲ ኣሜሪካ ንጃንዳ ወያኔ ክትዓስብ መረጸት። ጃንዳ ከም ማና ካብ ሰማይ ዝወሮዶ መሲሉዎ ዓይኑ ከይሓሰ፡ ከይተማራመር ብታሕጓስ ተቀበሎ። ልዕሊ ኣሜርካ ኣምላኽ ከምዘሎ ዝኸሓደ ጃንዳ ነቲ <u>ኣብሊው ኣስቲዩ</u> <u>ከዲኒ</u> <u>ኣርጊጁ</u> ዘዕቆበ ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ ምኽንያት ብዘይብሉ ጠንቂ ትእዛዝ ለኣኽቱ ከተግብር ኣንጻሩ ደው ክብል ተራእየ። ነቲ ብህዝቢ ኤርትራ ኣብ ግዜ ዕርቃኑን ጥሜቱን ዝተገብረሉ ልግስና ከም በለጽ ቆጸሮ። በዚ መሰረት ከኣ ወያኔ ቕድሚ ፍቕሪ ሰብ ፍቕሪ ትኳቦ ከምዘቕድም ኣብ መላእ ህዝቢ ቀርኒ ኣፍሪቃ ብፍላይ ከኣ ኣብ ህዝቢ ኢትዮጵያን ህዝቢ ኤርትራን ጥልመት ኣርእየ። መንግስቲ ኣሜርካ ነዚ ግስሩጥ ስርዓት ከም መሳርሒ ተጠቒማ ነቲ ኣብ ኣርባዓታት ቅድሚኡን ዝጀመረቶ ተጻብኦታት ንምቕጻሉ ጉዕዞኣ ቀጸለት።

እንተኾነ ጃንዳ'ውን እንትርፎ ምፍታን እንተዘይኮይኑ ካልእ ከምጽኦ ዝኽእል ለውጢ ክህሉ ከምዝኽእል ስለ ዝፈልጥ እቲ ዝወሰዶ ምርጫ መበቀሎም ተጋሩ ኤርትራውያንን፡ ስሱዑት ኤርትራውያን ኣለልዩ ዓሰበ። በዚ መሰረት ንህዝቢ ኤርትራ ፈላሊኻ ሕንፍሽፍሽ ንምእታውን፡ ንተልእኮ ኣሜርካ ንምትግባርን ተሸባሸበ። ዝለኣኽዎ ከድዓት'ውን ኣይሰኣነን።

ህዝቢ ኤርትራ ቃልሲ ንነጻነቱ ከበግስ ከሎ ብሕልሚ ተራእዩዎ ዘበገሶ ኣይኮነን። ካብ ስነሞንታዊ ክውንነት ተላዒሉ መሰል ደቂ ሰባት ክገሃስ የቡሉን ካብ ዝብል ኣምር እዩ ተሲኡ። በዚ መሰረት ከኣ እቲ ካብ ኣርባዓታት ይኹን ቕድሚኡ ዝነበረ ቃልሲ ክሳብ እዚ ሕጂ ዝካየድ ዘሎ መሰል ኤርትራዊ ንኽኽበር እዩ። ባዕሉ ሸቂሉ ነብሱ ንምኽኣል፡ንምፍራይ፡ ሃገሩ ንምምሕዳር፡ ክብርታቱን ባህልታቱን ንምዕቃብ፡ ኩሉ ዓውደ ስነፍልጠት ንምውናን፡ ካብ ተንበርካኽነት ነጻ ምኳ፡ ፈተውቱ ምልላይን ሽርክነታዊ ጽምዶታት ምፍጣርን፡ ጸላእቱ ምልላይን ተጻብኦታት ምምካትን ወዘተ...።

እዚ ኩሉ ዝተጠቕሰ መትከል መንግስትን ህዝብን ኤርትራ <u>ንገበትን</u>፡ <u>ኮራኹሮምን</u>፡ <u>ኩርኩራት ኮራኹሮምን</u> ቅሳነት ስለ ዝኸልኦም፡ብስም ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ተባሂሉ ብመርማሪት ኮምሽን (COI) ዝቐረበ ጸብጻብ ሜላኡ ድኣ ቀይሩ እምበር ሎሚ ዝተበገሰ ከምዘይኮነ ካብ ታሪኽ ቃልስና ክንርድኦ ንኽእል። እዚ ኣብ ጀነቫ ዝግበር ሰላማዊ ሰልፍታት ከኣ መቐጸልታ ናይቲ በብእዋኑ ዝፍብረኽ ሓሶታት ንምሻሉ እዩ። እቲ ካብ ናይቀደም ኣብዚ እዋን እዚ ንርእዮ ዘሎና እጸያፊ ዝኾነ እቶም

ካብ ማህጸን ኤርትራዊ ኣደ ዝወጹ ሽዩጣት ኣንጻር ብደም ስዉኣትና ዝተረኽበት ነጻነት ከራኽሱ ምፍታኖም እዩ።



እዞም ትርእዩዎም ዘለኹም ባረዩ መንነቶም ዝሸቱ ብማይክ ስሚዝን (Mike Smith ) ሽይላ ኪታሩዝን (Sheila Keetharuth) ብናይ ሓባር ሽርክነት ዝውነኑ፡ ኣብ ትሕቲ ጽላል ጎይቶቶም ኮይኖም ሕሰም ኤርትራ ዝምህለሉ፡ ብጸሎቶም ነቲ ብሓርበኛታት ኤርትራውያን ዝተገብረ ሰላማዊ ሰልፊ ጀነቫ ተቓውምኣኦም ክርእዩ ዝተሳእልዎ ስእሊ እዩ። ሎሚ ሰብ ኣብ ዓለም ርእሱ ትኽ ኣቢሉ ኣብዝኸደሉ ዘሎ እዋን፡ እዞም ጎይቶትን ጊላን ከኣ ቁልቁል ርእሶም ይነብሩ ኣሎዉ። እዞም ሕሱራት ባረዩ ሰብ ማኣዕረ ምዃኑ ዘይፈልጡ ኣገልገልቲ ጎይቶቶም፡ ጸረ ኤርትራን መንግስቲ ኤርትራ ብፍላይ ከኣ ጸረ ፐረስደንት ኢሰታስ ዘቓውሞም ጠንቂ: ነቲ ሕሱር ኣተሓሳስባኦም (mentality) ኣብ ኤርትራ ቦታ ስለ ዘይብሉ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ጸረ መግዛእቲ ድኣንበር ንክግዛእ ኣይተቓለሰን።

**<u>ሰነ 21, 2016 ውዕሎ ኣብ ጀነቫ።</u>**

ኣየዕጥቂ ኣየ ሰልፊ ኣየ ግርማ፡
ኣንታ እዛ ኤርትራ ትወልድ ጀጋኑ ደጋጊማ፡
ንኹሉ ዝምኽቱ በቲ ቅኑዕ ቴማ።

ለባም ህዝቢ ህዱእ ብተፈጥሮ፡
ብጭብጢ ዝረትዕ ነቶም ነገር ጻሕታሮ፡
ኣየነፍቅድን ሃገር ክትከውን ሑንኩሮ።

ጽኑዕ ህዝቢ በዓል ሕድሪ፡
እንትርፎ ጥዑም ዘይወጸ ነውሪ፡
ተኣሳሲሩ ዝነብር ብሲኒት ብፍቕሪ።

ሃገር ዝሰርዕ ልዕሊ ሂወቱ፡
ምእንታኣ እንድዩ ከፊሉ ቡሉጻቱ፡
ዓወት ንሓፋሽ ምስ በለ ዘይቅይር ቂኒቱ።

ትማሊ ኣብ ጀነቫ ዓለም ዘመስከረ፡
ስነ ስርዓቱ ንብዙሓት ዝመሃረ፡
እዚ’ዶ ብበዓል ስሚዝ ሽይላ ስሙ ምተላዕለ።




ኣርኢኹም ሓቅነት፡ ሓቂ ጅግንነት፡
ንድምጹኹም የለን ዝኽውሎ ላህመት፡
ስጉምቱኹም ህዱእ ስድሪ ብእመት።

ጀነቫ እስከ ዝረኣኽዮ ተዛረቢ፡
ኤርትራውያን ቆፍኡ ክም ዝተተንከፎ ንህቢ፡
ርኢኺ'ዶ ትኾኒ ሰልፊ ካብዚ ዝዓቢ?

ሕጂ"ከ እንታይ እዮም ክብሉ እቶም ከሰስቲ፡
ምስክር ኣለዉና ሓሚሽተ ሚእቲ?
እናራኣዩ ኣሽሓት መንግስቶም ደገፍቲ።



ምስክርነት ተነጊሩ ብኹሉ ቋንቋ፡
እዝኖም እንተተኸፍተ እዞም ዘይብሎም ጣቋ፡
ኤርትራዊ ኣይድቕስንዩ ከየብጽሔ ሓቃ።

ጀነቫ ደሚቕኪ ዊዕልኪ ብኤርትራ ባንደራና፡
ምልክት ዘለዋ ናይ ጀጋኑ ስዉኣትና፡
ድልዋት ኢና ስለኣ ከነሕልፍ ሂወትና።

ምስጋና ነቶም ወደብትን ተሳተፍትን ሰልፊ፡
ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና፡
ዓወት ንሓፋሽ።
ገብረንጉስ መስመር።